# ትግራይ ዓደይ!!

ኣንቲ ትግራይ ዓደይ ኣንቲ ብሌን ዓይነይ!
ኩርዓተይ ከብረይ ኣንቲ ፅላለይ⁝
ባኣኺ ዘየኽእላ ሕሊናይ ሒወተይ⁝
ሽምኪ እንትላዓል ፈረቕ ትብል ከብደይ⁝

ኣዬወ ትግራዬይ ኩርዕቲ ዓደይ⁝
ኣቲ ባዓልቲ ታሪኽ መሰረት ሓበነይ⁝
መኹሪዒተይ መለለይት ምንነተይ⁝
ከምቀደምኪ ንበሪ ክሓልፈልኪ ባዕለይ⁝

ኣቲ ኣዶ ጀጋኑ ተባዓት ተጋደልቲ⁝
እቶም ካብ ብርሰት ዘድሓኑና ወየንቲ⁝
ጽኑዓት ሓራናት ሰብ ብልሒ ሰብ ስልቲ⁝
ባርነት ቀቢሮም ማዕርነት ተኸልቲ⁝
ብኹይናት እንተኾነ ውሕሉላት ተኮስቲ⁝
ብሕጊ እንተኾነ ፈላጣት መጎትቲ⁝

ትገራይ ኣቲ ትግራይና ሰሚዕኺዶቲ⁝
ከምዘይተባሃልኪ ጥሚቲ ድኺቲ⁝
ሎሚማ ይረአየሎ እቲ ሽሻይኪ እቲ ሃፍቲ⁝
ሎሚ ኾይንኪ ኣብነት ንጎረባብቲ⁝

ኣርኢኽዮም ብተግባር ዘይኮነ ብባልቲ⁝
ነቶም ዝተነፍሑ ብዕሽነት ብትምክሕቲ⁝
ነቶም ዘይሓንኩ ታሪኽ ጓዕጸጽቲ⁝
ብናይማቶም ተበለጽቲ⁝
ኣርኢኽዮም እኺ በቱይ ይኹን በቲ⁝
ኻብ ኩሉ ንላዕሊ ህዝቢ ምኻኑ ቀንዲ ሃፍቲ⁝

ኣዬወ ኩሉ ምስሓለፈ!

ኹሉ ምስሓለፈ ናይ ኹይናት ናይ ድርቂ ስቃይ⁝
ሎሚኸ ከመይ ኣለኺ ኣብሻይ ትግራይ?
እስኪ ቃልኪ ኣስምዕኒ መልስልይ!

ኣነማ እዚኣ እያ መልሰይ! !

እግዚሄር ይመስገን ደሓንየ ዞምደቀይ
ሳላኹም ተኸቢሩ ሽመይ ተቐልቢሱ ውርደተይ⁝
ሎሚ ረኺበዮ ናይ ቀደም ክብረይ⁝

እወ! ሎሚ ይሓይሽ ካብቀደም⁝
ካብቲ መሪር ጊዜ ዘፋሰሰ ደም⁝
ካብቲ እዋን ኹይናት እዋን ጸላም⁝
ሎሚ ይሓይሽ ግዜ ብርሃን ግዜ ሰላም⁝#

ግና ዞምደቀይ!

እኹል ኣይኮነን ብይሓይሽ ክንነብር፤
ንማዕብል ንገስግስ የዐሪይና ንባራብር፤#
ከባቢና ንዳህስስ ንማራመር ንበል ፀዓርዓር፤
ከይንተርፍ ብላሽ ናብራና ሎሚ ንቐይር፤#

እወ! ንጽዓር ንስራሕ ብሓባር፤
መንግዲ ይፀረግ ብጎልጎል ይኹን ብጠረር፤
መብራህቲ ስልኪ ይዘርጋሕ ኣብ ከተማ ይኹን ገጠር፤
እቲ ቐንዲ መሰረተ-ልምዓት ክትግበር፤
ሓመድ ይገደብ ማይ ይታዓቖር፤
ትምህርቲ ይስፋሕፋሕ ምህርቲውን ይብዛሕ ይኮመር፤#
ኩሉ ይድከም ንዕቤት ከርክባ ይማጣጠር፤
እዙይ ተጌረኩም እዩ ሙሉእ ሽመይ ዝኽበር፤

ኣጆኹም!

ኣጆኹም ደቀይ ቃልኩም ከይትዕፀፍ ትኹን ከምቀደማ፤
ታሪኽ ድገምዋ ከምታ ናይ ኹይናት ግዜ ኢልኩም ሻማሻማ፤
ከምታ በረኻ ዝነበረት ሕብረተ-ስኒት ኣብ ፈለማ፤
ክብሪ ኣዴኹም ክትምለስ ናብ ጥንታ ናብታ ናይ ቀደማ፤

ንኽንረኽባ እታ ዝሓሸት ምቅርቲ ናብራ፤
ድኽንት ነጥፋኣያ መሃይምነት ንቑበራ፤
ነፃነት ትዓምብብ መፅቀጥቲ ንምሓዋ ካብ ሱራ፤
ብዘይ ዋዓል ሕደር ብዘይ ዕንይንይ ሎሚ ንግበራ፤

አወ! መፅቀጥቲ እከይ እያ ሓቂ ንዛረብ፤
ወፅዓ ትትረፍ ዴሞክራሲ ትዓምብብ፤
ኩሉ ይወገዝ ናይ ግዕዝይና መርበብ፤
ባእሲ ይትረፍ ሰብ ይለብም ብሰላም ይላዘብ፤
እዙይ ክትግበር ኩሉ ይወፈይ ብዓቕሙ ይራባረብ፤

እኒሆኽስ ተወሳኺ ሓበሬታ ንኹሉኹም!
ብፍላይ ብፍላይ ኣቱም መራሕቲ ዝብሉኹም፤
ከተኽብሩ ይግባእ እቲ ለዋህ ህዝብኹም፤
ኣይትረስዑ ሓላፍነት ሕድሪ ዝተዋሃበኩም፤
ክትመስሉ ይግባእ ናብራ ናይቲ ድኻ ህዝብኹም፤
ኣብ ላዕሊ ጥራሕ ዘይኮነስ ታሕቲውን ወሪድኩም፤
ኣብ ከተማ ጥራሕ ዘይኮነስ ገጠርውን ኸይድኩም፤
ብኹብራ ዘይኮነስ እንኮላይ ብእግርኹም፤

ኣንታ ነዞም መራሕቲ ሓንቲ ክውስኸሎም፤
ምእንታን ሽለል ከይብሉ ሕሉፍ ታሪኾም፤
ዝተኣትወ ቃል ከይዕፀፍ ናይ ስዉኣት ብጾቶም፤
መራሕቲ ናይ ህዝቢ ይፍለጡ ልክያም፤
ከነብሩ ይግባእ ደረቶም ፈሊጦም ማዕረ ሕዝቦም፤

እዙይ ተገይርኩም እኹም ትኾኑ ደቀይ ዝኸውን ኣዴኹም፤
ክትሕበኑ ብኣይ ኣነውን ክኾርዕ ብኣኹም፤#
እዛ ቓለይ ተግብሩዋምበር ከይተዕብሩዋ ሕድርኹም! ! !

ካብ መሓሪ በ.